# ዘመነ ኣስተምሕሮ

## ዘመን ዕርቅን ኣማልድነትን

6 ኅዳር - 8 ታኅሣሥ 1998 ዓ. ም.

15 ኅዳር - 17 ታኅሣሥ 2005



ን5 ሰሙናት ዚጸንሕ ፡ ብበዓል ቊስቋም ጀሚሩ ክሳብ ድሮ እታ ሰንበት "ዘስብከት" እትበሃል ዚበጽሕ፡ ዘመነ ኣስተምሕሮ ይጽዋዕ።

እዘን ሰናብቲ ሸሽመን ኣለወን፡

ዘኣስተምህሮ፡ ዘቅድስት፡ ዘምኵራብ፡ ዘምጻጕዕ፡ ዘደብረ ዘይት ኢለን ይጽውዓ።

ኣስተምሕሮ ዚብል ቃል ካብ *መሐረ* ዚመጽእ ናይ ኣስተጋብሮ መልክዕ ዝሓዘ ዓንቀጽ ኢዩ፡ ትርጉሙ ከኣ ካብቲ ብA. Dillman *Lexicon Linguae Aethiopicae*, Lipsiae, T.O. Wiegel, 1865 ዝተሰናደወ መዝገበ ቃላት ክንርእዮ ንኽእል (ገጽ 157)፡

ኣስተምሐረ፡ - 1. *facere ut aliquis misericordiam inveniat* - ኣብነት ካብ 1ቆሮ. 13፡4፤ ሲራክ 28፡4፤ ጦቢት 3፡15፤ 2. *intercedere* (misericordiam alicuius implorare ab aliquo aut sibi aut aliis) ኣብነት *ኣስተምሕር ሎሙ* (ኢዮብ 19፡17) ወይ *ኣስተምሕር ለነ ሚካኤል* 3. *ad misericordiam adducere* ኣብነት 1 ቆሮ 13፡7።

እምበኣር ንዓና ዘገድሰና ትርጉም ቊ.1ን 2ን ኢዩ እሞ፡ ኣስተምሐረ የምሕር፡ የተዓርቕ፡ የማልድ ትርጉም ኣለዎ።

በዚ ሰናብቲ እዚ ኣብ ቅዳሴ ዚንበብ ንባባት ይኹን ኣብ ማኅሌት ዚዝመር መዝሙር ይኹን ብዛዕባ ምሕረት እግዚኣብሔርን ናይ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ምትዕራቕ ግብሪ ድኅነትን ይገልጽ።

ንኣብነት መዝሙር ሰንበት ኣስተምህሮ፡

ኢተዘኪሮ አበሳ ዚአነ ኢሐደገነ ፍጹመ ንማስን፡ ጌር እግዚአብሔር፤ ኣዘዞሙ ሙሴ ለሕዝብ፡ ያክብሩ ሰንበተ በጽድቅ።

እግዚኣብሔር ጥዑም ኢዩ፡ አበሳና ከይዘከረ ክነማስን ኣይሓደገናን። ሙሴ ንሕዝቢ ሰንበት ብጽድቂ ኪዝክሩ ኣዘዞም።

ካልእ መዝሙር ናይዚ እዋን እዚ፡

ፈጽም ለነ ሰናያትከ እንተ እምኀቤነ፡ እግዚአ ለሰንበት ወአቡሃ ለምሕረት። ሀሉ ምስሌነ ጸወንነ ወኀይልነ፡ ረዳኤ ኣመ ምንዳቤነ ኩነነ እግዚአ።

ሰናያትካ ኣብ ልዕለና ፈጽሞ ኣጐይታ ሰንበትን ኣቦ ምሕረትን ዝኾንካ። ምሳና ኩን፡ ጸግዕናን ኃይልናን፡ ኣብ ጊዜ ጸባባና ከኣ ረዳኢና ኩን፡ ኣጐይታና።

እስመ ኣርዑትየኒ ሠናይ ውእቱ ወጸርየኒ ቀሊል ውእቱ። ንዑ ኀቤየ ሥሩኃነ ዕቀቡ ሕግየ ወአክብሩ ለሰንበታትየ፡ ይቤ እግዚአብሔር፡ ለዘመሓርኩ እምሕሮ፡ ወለዘፈቀድኩ እስሃሎ፡ እስመ ውስተ እዴየ ምሕረት ሀሎ።

ኣርዑተይ ሰናይ ጾረይ ድማ ፈኲስ ኢዩ እሞ፡ ዝኸበደኩም ዘበለ ናባይ ንዑ፡ ሕገይ ሓልዉ፡ ሰንበተይ ኣኽብሩለይ" ይብል እግዚኣብሔር። ምሕረት ኣብ ኢደይ ኢዩ ዘሎ እሞ፡ ክምሕሮ ንዝደለኹ ኪምሕሮ ኢየ፡ ክድንግጸሉ ንዝደለኹ ክድንግጸሉ ኢየ።

ኣብዘን ሰናብቲ ኣብ ቅዳሴ ዚንበቡ ጥቕስታት ሓዲስ ኪዳን እውን ምሕረት እግዚኣብሔርን ናይ መተዓረቒ ተግባር ጐይታና ዜዝክር ኢዩ፡

ንኣብነት፡ ቀዳመይቲ ሰንበት ዘኣስተምህሮ፡ ኣብ ቀዳማይ ንባብ፡

"ንሕና ገና ኃጥኣን እንከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ ኢዩ እሞ፡ ኣምላኽ ፍቕሩ ከምዚ ገለጸልና። እምበኣር ሕጂ ብደሙ ካብ ጸደቕና ደኣ፡ ክንደይ ካብቲ ቊጥዓ ብኣኡ ኣዚና ዘይንድኅን። ጸላእቱ ከሎና፡ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፡ ካብ ተዓረቕና ደኣ፡ ክንደይ ብሕይወቱ ኣዚና ዘይንድኅን? ጋና'ኸ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ብኣኡ ሕጂ ዕርቂ ዝረኸብና፡ ብኣምምላኽው'ን ንምካሕ ኣሎና።" (ሮሜ 5፡ 8 -10)

"ኣቱም ደቀየ፡ ሓደ እኳ ሓጢኣት ዘገበረ እንተሎ፡ ጠበቓ ኣብ ኣቦ ኣሎና፡ ንሱ ድማ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ጻድቕ ኢዩ። ንሱ ድማ ብናይ ኃጢኣትና መተዓረቒ ኢዩ፡ ብናይ ኃጢኣት ምሉእ ዓለም ድማ ኢዩ እምበር፡ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኮነን። (1 ዮሓ. 2፡ 1-2)

ስብከት ዲያቆን ቅድሚ ወንጌል፡

"ኢትዝክር ለና ኣበሳነ ዘትካት፡ ፍጡነ ይርከበነ ኃህልከ እግዚኦ። እስመ ተመደብነ ፈድፋደ'"
"ናይ ቀዲም ኣበሳና ኣይትዘክር፡ ብዙኅ ስለዝተዋሪድና ምሕረትካ ቀልጢፉ ይብጻሓና።" (መዝ. 78፡8)

ከምኡ እቲ ቀጻሊ ሰናብቲ ኣብ ምሕረትን ኣብ ተግባር ዕርቂ ኢየሱስ ክርስቶስ ክነስተንትን ይዕድሙና።

ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ኣብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን "መለኮታዊ ምሕረት እግዚኣብሔር" ዚበሃል ሓዲስ መንፈሳውነት ኪዝውተር ጀሚሩ። ሓንቲ ገዳማዊት ጓል ፖላንድ (እኀት ፋውስቲና - ሎሚ ከም ቅድስቲ ፋውስቲና ተባሂላ እትጽዋዕ ፈላሲት) ራእዩ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ተራእዩዋ፡ ክርስትያን ኣብ ምሉእ ዓለም ሓደ ፍሉይ በዓል ናብ መለኮታዊ ምሕረቱ

ኪሠርዑ ሓተታ እሞ፡ ብ1999 ር. ሊ. ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ዊ እዚ በዓል እዚ ዳግማይ ትንሣኤ ኪውዕል ወሰኑ። ኣብ መንፈሳውነት ሃገርና ግን *ዘመነ ሓስተምሕሮ* ነዚ ፍሉይ ትምህርቲ ንምስትንታንን ዝተሰርዐ ካብ ጥንቲ ዚጸንሐ ዘመን ኢዩ።

ኣብዚ ዘመን እዚ፡

ሀ. ሰብ ብመሠረቱ ሓጢኣተይና ኮይኑ ከምእተወልደ ኪፍለጠና። ብሰንኪ ሓጢኣትና ምስ ኣምላኽን ምስ ገዛእ ርእስናን ምስ ጎውናን ምስ ፍጥረትን ወትሩ ብኡሳት ምኻና ኪፍለጠና።

ለ. ካብ ባዕላትና ካብዚ ናይ ሓጢኣት ኵነታት ብፍጹም ክንድኅን ኣይንኽእልን ኢና።

ሐ. በንጻሩ ኣምላኽ፡ ጻድቕ፡ ዓመጻ ወይ በደል ዘይፍጽም፡ ኣብ ቅድመኡ ድማ ሓጢኣት ኪቐርብ ኣይክእልን።

መ. ሰብ ባዕሉ ኪድኅን ካብዘይከኣለ፡ ኣምላኽ ድማ ኪጭክኑሉ ስለዘይደለየ፡ ምሕረት ብኢየሱስ ክርስቶስ ገበረሉ እሞ፡ ብኣኡ ገይሩ ተዓረቐ።

ሠ. ጐይታና ክርስቶስ ጽድቂ ሳላ ዝረኸበልና  እምበኣር ሎሚ ንሕና ተቐበልቲ ጽድቂ ክንከውን ንኽእል፡ ንጽድቅና ክንውስኸሉ ንኽእል፡

ረ. ሳላ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ክህነቱን፡ ተልእኾ ትንቢቱን ኣብ ኣገልግሎት ጕስነትን ዘካፍለና፡ ንሕና እውን ብቐዓት መሣርሕቲ ኣምላኽ ኰይና፡ ናብ ኣኀዋትና ተላኢኽና ክነማልደሎምን፡ ብብቕዓት ቃል ኣምላኽ ክንእውጀሎም  ንኽእል፡ ምስ ክርስቶስ ጓሶት ነፍሳትን ገፌስቲ ሰብን ኰይና ናብ መርዓ ገይታ ንዝተዓደሙ መንገዲ ክንሕብረሎም ንበቕዕ።

ሰ. በዚ ምኽንያት እዚ ብሕልፊ ኣብዚ ሰሙናት ኣብ ምሕረት እግዚኣብሔር ዓቢይ እምነትን ተኣማንነትን   ክነሕድር፡ እሞ ተግባር ብጻዕርና ዘይኾነስ፡ ወልደ ኣምላኽ ተበጂዩ ዝረኸበልና ጸጋ ምኻኑ ተኣሚና፡ ልብና ንምስጋና ክንከፍቶ። ብዙኃት ዚጠፍኡ ኣኀዋትና ድማ፡ መንገዲ ድኅነት ዚኀብሮም ስለዝሰኣኑ ምኻኖም ፈሊጥና ክነማልደሎምን፡ ክንለኣኾምን መደብ ክነውጽእ መልእኽቲ ዝሓዘለ ዘመን ኢዩ።



ብዛዕባ "መለኮታዊ ምሕረት ኢየሱስ" ክተንብብ ኣብዚ ጠውቕ http://www.kidanemhret.ca/

ብዛዕባ ኣማልድነት ኢየሱስ ክርስቶስ ዚዛረብ ክፋል ቅዱስ መጽሓፍ መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን ኣንብብ።